# መርምር ግበር ምሃር

እዝራ ሕጊ እግዚኣብሄር ንምምርማርን ንምግባርን፡ ስርዓትን ፍርድን ከአ ኣብ እስራኤል ኪምህርንሲ ልቡ ኣዳለወ። (እዝራ 7፡10)

ኣብ ውግእ ዘይውዓለ በሊሕ ዝብል ኣባህላ ኣሎና። ካብ ክትገብር ክትምህር ይቐልል። ንኻልእ ግበር ክትብሎ እሞ ድማ ዘሎኻዮ ጽፍሒ ዝፈቕደልካ እንድሕር ኮይኑ ኣዝዩ ቀሊል እዩ። ከም ብዓል መዚ ቃልካ ክሕሎን ክትግበርን ስለዘለዎ ንምባሉ ኣየሰክፈካ ንምእዛዙ ኣየፍርሃካ።

እዚ እዝራ ዝብሃል ካህን ንእኡን ኣቦታቱን እስራኤላውያን ብባቢሎናውያን ተማሪኾም 70 ዓመት ድሕሪ ካብ ምርኮ ምምላሶም ኣብ የሩሳሌም ምስ መጸ ከገብሮ ዝሐለኖ ኢና ንርኢ ዘሎና። ኣቃማምጣ እታ ጥቕሲ ክንርእያ ኸሎና ቅድም ***ምምርማር*** ድሓር ***ምግባር*** ድሓር ድማ ***ምምሃር*** እየን ዝብላ። ብንቡር ገልቢጥካ ክተንብበንን ክተተግብረንን ይቐልል። እዚ ካህን ግና ከምታ ተጻሒፋ ዘላን ከምታ ዝነበብናያን ክገብር ልቡ ኣዳለወ።

ቅድሚ ንኻልኦት ከይዱ እዚ ግበሩ ምባሉ እተታሓሓዘ ነቲ ሕጊ ኣምላኽ ምምርማር እዩ። እታ ብትግርኛና ምምርማር እትብል ቃል ብቋንቋ "lid·rō·wōš" እትብል ኮይና ትርጉማ ምድላይ ማለት እዩ። እዝራ ነቲ ሕጊ እግዚኣብሄር ዘድልዮ ዘሎ ምኽንያት ንዝሓለፉ 70 ዓመታት ኣብ ምድሪ ስደት ከለዉ በቲ ዝነበሮም መግዛእታዊ ጸቕጢ ምኽንያት ነብያት እናመጹ ዝዛረብዎም ዝነበረ ቃላት ምጽንናዕ እንተዘይኮይኑ ነቲ ሕጊ ኣምላኽን ንስርዓታት ኣምልኾኦምን ዘኪሮሞ ኣይፈልጡን። እቲ ብራናታት ጽሑፍ ሕጊ እግዚኣብሄር ኣብ ኢድ እቶም ሌዋውያን ስለ ዝነበረ ካብ ኢዶም ክወስዶ ወሲዱ ድማ ክምርምሮ ነይርዎ። ብድሕር እዚ ከይዱ ኣኪቡ ቅድሚ ምምሃሩ ኣብ ህይወቱ ከተግብሮ ወሲኑ። ሓደ እተረድኦ ሓቂ ነይሩ፤ ካብ ምዝራብ ብናብራኻ ምምሃር ይብርትዕ ከምዝኾነ። እቲ ቃል ኣምላኽ ኣብ ህይወቱ ክሰርሕ እንተርእዮሞ ሰባት ከይተዛረቦም ህይወቱ ባዕሉ ይዛረቦም እዩ።

ንነይታ የሱስ እቶም ኣጋንንቲ ብርሑቕ ከሎ ማለት ሓንቲ ቃል ከየውጽኣ ኸሎ " የሱስ ወዲ ልዑል ኣምላኽ ክተጥፍኣና ዶ መጺኻ " (ሉቃስ 8፡27) ይብልዎ ነይሮም። ካብ ሓይሊ እቲ ቃሉ እቲ ቅድስና ዘንጸባርቕ ሓይሊ ህይወቱ ይብርትዖም ነይሩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ድማ ከምቲ ኣነ ንክርስቶስ ዝመስሎ ዘለኹ ንስኺትኩም ንዓይ ምሰሉ" (1ቆረ. 11፡1) እምበር ንዘረባይ ምሰሉ ኣይበለን። ብዙሓት መማህራን ንኹውን ኣለኦናሞ ህይወትና መምህር ካልኦት ይኹን። ሃዋርያ ያዕቆብ ድማ " ኣሕዋተየ፡ ዚገድድ ፍርዲ ኸም እንቕበል ፈሊጥኩም፡ ብዙሓት መምህራን ኣይትኹኑ። " (ያዕቆብ 3፡1) ኢሉና ኣሎ። ብመስኮት መራኸቢታት እንጥቀም ምማህራን ክነድምዕ ምእንቲ እቲ እንምህሮ ምእንቲ ሓይሊ ክህልዎስ ንንበሮ! ንንበሮ ኣይንንበሮ ድማ እዝጊ ዋንኡ! ምስ ነበርናዮ ግና ውሕስነቱ ክንምህሮ ቀሊል ሰብ ክምሃረሉ ቀሊል። ህዝ

"If you talk about it, it's a dream, if you envision it, it's possible, but if you schedule (to live) it, it's real. " Tony Robbins Motivational speaker (emphasis mine)